# ፫ይ ሰንበት ዘአስተርእዮ
## 28 ጥሪ 2015 ዓ.ም. (2/5/2023)

**መዝሙር፡** ተወልደ ኢየሱስ በቤተልሔም ዘይሁዳ. . . . . . ኢየሱስ ብዓቢ ክብሪ ካብ ድንግል ኣብ ቤተልሔም ዘይሁዳ ተወሊዱ፥ተወሊዱ ተጠሚቑ ብልደቱ ምእንቲ ክንሕጎስ ብግልጸቱ ደስ ክብለና ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዐ።

**ንባባት፡** 1ቆሮ 12፡12-30፥ 1ጴጥ 1፡13-22፥ ግ.ሓ. 19፡1-10፥ ሉቃ 4፡14-21

**ምስባክ፡** አምጽኡ ለእግዚአብሔር በሓውርተ አሕዛብ፡ አምጽኡ ለእግዚአብሔር ክብረ ወስብሓተ፥ አምጽኡ ለእግዚአብሔር ስብሓተ ለስሙ። መዝ 29፡1-2።

ኣምላኽ ካብ ድንግል ተወሊዱ ኣብ ማእከልና ሓዲሩ መለኮቱን ፍቕሩን ገሊጹልና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሰንበት ንባባትና እነስተንትኖ ኣምላኽ ንወዲሰብ ተኻፋላይ ክብሩን ፍቕሩን ስለ ዝገበሮ ክቡር ፍጥረት ምዃኑ ንርኢ። ክብረት ሰብ ኣብቲ ንሱ ዝገብሮ ዘይኮነ ኣብቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ክብሪ እዩ ዝምስረት። ዓብዩ ንኢሱ፥ ሃብቲሙ፥ ደኺዩ፥ ሓሚሙ ጥዕና ኣልይዎ ክብሪ ሰብ ኣይቅየርን እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ካብቲ ዝደቀቐ ድቂ ጥንሲ ክሳብ እቲ ዝሸምገለ ኩሉ ሰብ ክቡር ፍጥረት ኣምላኽ እዩ። ነዚ ኣምላኽ ዝሃቦ ክብሪ ክግህስ ወይ ክቕይር ዝኽእል ሓይሊ የለን። ንሕና ስጋውያን ስለ ዝኾና መለክዒ ክብሪ ሰብ ብሃብቲ ብፍልጠት፥ ኣብ ሓይሊ ተመርኲስና ነኽብሮ ወይ ነሕስሮ። ሰብ ካብ ሰብ ዝበልጸሉ ሓንቲ የብሉን ንሕና ኩልና ብኣርኣያ ስላሴ ዝተፈጠርና ክቡራት ፍጥረት ኢና። ዓለምና ኣብ ታሪኽ እንተ ረኤና ክብሪ ሰብ ኣብ ሃይማኖት ዓለት ወገን መሰረት ገርና ንሰባት ዘይ መልክያም ንህቦም እሞ ነሳቕዮም ንጸልኦም፥ እዚ እዚኣ ካባና ድዩ ድያ እናበልና ንፈላሊ ብኡ መጠን ከአ ፍቕሪ ነጉድል። እዚ ሕማም ክትአልዮ ብርቱዕ ጻዕሪ የድልዮ፥ ጸሎት ተጋድሎ የድሊ። ኣብ ወገን ዓለት ዝተመስረተ ጽልኢ ከቢድ እዩ ስለዚ መንፈስ ክርስቶስ ለቢስካ ክትምክቶ ምጽዓር የድሊ። ቀዳሞት ክርስትያን ሓደ ካብቲ ብዙሕ ዘሳቕዮም ዝነበረ ወገንነት እዩ ኣብ መንጎ ኣይሁድን ኣረማውያንን ነዚ ክፈትሑ ሓዋርያት ቀዳማይ ጉባኤ ኣብ ኢየሩሳሌ ኣካይዶም። ብሓቂ ከቢድ ጉዳይ እዩ ሎሚ እውን እዚ ሕማም መሊኹዎም ኣብ መንጎ ሃገራት ኣህዛብ ዓለታት ህልቂትን ሞትን ኣብ መንጎ ሰባት ዘውርዱ ኣይተሳእኑን። ኣብ መንጎ ፍልልይ ጽልኢ እንተ ዘርኡ ዝተዓወቱ ይመስሎም እዚ ግን ሰይጣን ዝተዓወተሉ ሰብ ጥራሕ እዩ ዝገብሮ። እግዚአብሔር ዘይፈርሕ ሰባት ክፈላለዩ ክርኢ ደስ ዝብሎ ስለ ዝኾነ ኩሎም ኣመንቲ ክርስቶስ ካብ ልቦም ምሕዮም ከውጽእዎ ይግባእ። እዚ ርኩስ መንፈስ ዘልኦም ኣብ መንጎ ክርስትያን ክርከቡ ክሕወሱ ኣይግባእን። ኣብዚ ናይ ኣምላኽ ነገር እምበር ናይ ሰብ ነገር ከይመልከና ክንጥንቀቅ ይግባእ። ናይ እዚ ፈውሲ ኣምላኽ ብማዕረ ከምዝፈጠረና ሓዳ ካብ ሓደ ብዝኾነ ዝበልጸሉ የብሉን ኩልና ድቂ ኣምላኽ ብክርስቶስ ዝደሓና ኢና። ነዚ መንፈስ ከይነጥፍእ ክንጽሊ ይግብእና።

ሰብ ክቡር ፍጡር እዩ ክንብል ከሎና እምብኣር ኣምላኽ እዩ ከምኡ ገሩ ፈጢርዎ እንተ ኾነ ነፍስወከፍ ነናትና ውህበታት ኣሎና፥ ውህበት ኣምላኽ ክፈላልየና ዘይኮነ ኣብ ነነድሕድና ምልኣት ክህበና እዩ። ስለዚ ዝተፈላለየ ህያባት ኣሎና ግን ኣብ ሓደ ዓላማን መንፈስን ዘተኮረ እዩ። ኩሉ ኸአ ንኣገልግሎት ኣምላኽን ኣሕዋትን ዝዓለመ እዩ።

ኣብ ጽውጽዋይ ኣፍሪቃ ሓደ ትምህርቲ ዘለዎ ዝንገር ኣሎ። መልእኽቱ ኸአ ኣብ ሕብረተሰብ ዝነኣሰ ዝዓበየ ነናቱ ኣበርክቶን ህያባትን ከም ዘለዎ ፈሊጢካ ንኹሉ ምኽባር ዝብል እዩ። እቶም ዘይጠቕሙ ዝመስሉ ክንደይ ጥቕሚ ከምዘለዎም ምፍላጥ የድሊ። ሓደ እዋን ብዙሓት ካብ ኣካላት ሰውነትና ኣንጻር ከብዲ ከጐሮምርሙ ጀሚሮም ይብሃል። ኢድ ናባይ ጥመቱ ንሓመድ

እኾዕት አታኽልቲ እተክል፥ ዘራእቲ እኹስኩስ፥ መግቢ እቕርብ እዚ ኹሉ ዝግብሮ ንከብዲ ክመልእ እሞ አብ ቦቱኡ ኮይኑ ዝጽበየኒ እናበለ እዚ ቅኑዕ አይኮነን እናበለ ክሱ ቀሪቡ። እግሪ እውን ምስ እዚ ኢድ ዝበሎ እናተሰማምዐ አነ እውን ነዚ ከቢድ ከብዲ ተሰኪመ ምሉእ መዓልቲ ሒዘዮ ክንቀሳቐስ፥ መግቢ አብዘለዎ ክወስዶ፥ ማይ ክወስድ አብ ርባ ክወስዶ ኩሉ እንተ ረኤና ንአኡ ከገልግል ተዋሪደ እናበለ እዚ ግቡእ አይኮነን እናበለ ጥርዓኑ አቕሪቡ። ርእሲ እውን ክሱ ከቕርብ ጀሚሩ ንኹሉ ከቢድ ነገር ካብ ግራት ካብ ካልእ ቦታታት ተሰኪሙ ከምጽእ ከም ዝተዋረደ እዚ ኹሉ ኸአ ንከብዲ ንምምጋብ ምዃኑ እናበለ ክሱ አውሪዱ። ኩሎም ከብዲ ሓንቲ ከም ዘይሕግዝን ኩሉ ኸአ ንአኡ ከምዘገልግል ገሚቶም ንኹሉ ጠጠው ከብሉ ወሲኖም። ስለዚ ስራሕ አቋሪጾም ነቲ ሃካይ ከብዲ ክሳብ ሓልፍነት ዝለብስን ከምኩሎም አካላት ሰውነት መሰል ካልኦት ክሳብ ዘይሓለወ ኢሎም ካብ ምምጋቡ ደው ኢሎም።

ሓደ መዓልቲ ሓሊፉ ሓንቲ መግቢ ወይ ዝስተ ነገር አይሃብዎን ንከብዲ። ከብዲ ድምጺ ጥራሕ ይህብ ነሩ እቶም ካልኦት አካልት ከአ ብዓይኒ ጽልኢ እናጠመቱ ሕጂ ይርከባ እናበሉ የላግጹ ነሮም። አብ ካልአይ መዓልት ርእሲ እንጹሩር ይብለኒ አሎ ክብል ጀሚሩ፥ ብሳልሳይ መዓልቲ አእጋር ክደክም ጀሚሩ ደው ክብል ክጽግሞ ጀሚሩ። ኩሎም አካላት ከብዲ እውን አገልጉሎቱ ደው ስለ ዝበለ ኩሎም ብሓባር ክደኽሙ ጀሚሮም። ሓደ ነገር ዝተዓዘብዎ ንሶም ንከብዲ ክሕግዝዎ እንከለዉ ንሱ ኸአ ይሕግዞም ነሩ ንሳቶም ግን ነዚ ክርእይዎ አይከአሉን። ነፍስወከፍ አካል ጸገሙ ርእዩ አኸባ ጸዊዖም ካብቲ ገሮሞ ዝነበሩ ሾበሮ ደው አቢሎም ነስወከፍ ንከብዲ ብሓባር ክምግቡ ተሰማሚዖም ይብሃል።

መልእኽቲ ናይ እዚ ጽውጽዋይ አብ ማሕበር አብ መንጎ ህዝቢ ነፍስወከፍ ሰብ ነናቱ እጃም ዝጻወቶ አለዎ፥ ወላእውን እቶም ሓንቲ ዘይገብሩ ካልኦት ዝገበሩሎም ጥራሕ ዝጥቀሙ ዝመስሉ ንሶም እውን ዝጻወትዎ ተራ አሎ። ቅዱስ ጳውሎስ አብ መልእኽቱ ንሎሚ ዝተነበት ነዚ ዝመሳሰል ይነግረና።

አብ ሰውነት እቶም ዝደኸሙ ወይ ዝነአሱ ዝመስሉ ዝበለጸ አበርክቶ አልኦም። ዓይኒ ንኢድ አይደልየክን ክትብላ አይትኽእልን እያ፥ ርእሲ ድማ ነእጋር አይድልዮክምን ኪብሎም አይክእልን እዩ፥ እኳ ደአ እቶም ድኹማት ዝመስሉ አካላት ሰብነት እዮም አዝዮም ዜድልዩ። ነቲ አብ ሰውነት ዘሎ ሕሱር አካል ዚመስለና ኸአ ብፍሉይ ክብሪ ንከናኽኖ፥ ንኃፍረትናውን አዚና ብኽብሪ ንኽውሎ፥ እቲ ክቡር አካላትና ግን እዚ አየድልዮን እዩ። ግናኸ እቲ አካላት ነሓድሕዱ ኺፃወር እምበር አብቲ ሰውነት ምፍልላይ ምእንቲ ከይከውንሲ አምላኽ ነቲ ክብሪ ዝጎደሎ አካል ዚበዝኅ ክብሪ እናሃበ ነቲ ሰብነት አጋጠሞ፥ ሓደ አካል እንተ ተሳቐየ ኵሉ እቲ አካላት ምስኡ ይሳቐ፥ ሓደ አካል እንተ ኸበረ ኸአ ኵሉ እቲ አካላት ምስኡ ይሕጎስ (1ቆሮ 12፡22~25)።

አብ ሕይወት ደቂ ሰብ ከምእንዕዘቦ ብዝመስል ድኻታት ንሃብታማት ይጽልእዎም እዮም ዝመስል እንተ ኾነ አብ ገለ እዋን ሃብታማት እዮም ንድኻታት ዝጸልኡ። ስለምንታይ እዮም ሃብታማት ድኻታት አብ ምህናጽ ሃገር አበርክቶ የብሎምን ኢሎም ዝጸልእዎም። አብዚ ሃገር ገለ ሰባት ስለምንታይ ድኻታት ካብ መንግስቲ ሓገዝ ዝውሃቡ ሓንቲ ቀረጽ ዘይከፍሉ እንከለዉ ብአንጻሩ እቶም ዝሰርሑ ቀረጽ ዝኸፍሉ ሓንቲ ዘይውሃቡ እናተባህለ ክስታት ይስማዕ። እንተኾነ ድኽነት ክርድአና ወይ ጸገም ክርድአና እቲ ጽጉም ዝረኸቦ ዘሎ ጸበባ ክንርዳእ እንተ ንሓስብ ዝበለጸ ነሩ። “አብ ከብዲ ጽጉብ የለን ጥሙይ” ከምዝብሃል ጸገም ሰባት ክርድአና አብቲ ንሶም ዝነብርዎ አቲና ክንርድኦም አሎና።

ሓደ ጊዜ ሓደ አቡን አብ ሰበኽኦም አዝዮም ዝፈትውዎ እሙን አገልጋሊ ነርዎም። እቲ ሰብ ፍሉይ ክእለት ስለ ዝነበሮ ዝኾነ ነገር ክግበር እንተ ኾነ ንሱ ክአትዎ አለዎ፥ ንሱ ጽቡቕ ገሩ ከምቲ አቡን ዝደልይዎ ገሩ ዝኽእል ፍሉይ ሰብ እዩ ነሩ። ሓደ መዓልቲ እቶም አቡን ሓደ ተወሳኺ ስራሕ ነቲ ሰብ ሂቦሞ። እዚ ሰብ ክጻወሮ አይከአለን፥ ጎይታና አነ ጥራሕ ድየ አብዚ ሰበኻ ዘሎኹ? ስለምንታይ እዩ ዝኾነ ስራሕ ንአይ ጥራሕ ዝውሃብ ገለ ሰባት አብ መንጎና ወላ

ሓንቲ ዘይገብሩ አለዉ እናበለ አምሪሩ ተዛሪቡ። እቶም አቡን ከምዚ እናበሉ መሊሾምሉ፥ “ካብ ሕጂ ንድሓር ሓንቲ ከይትበሉኒ ዲኻ ትብለኒ ዘሎኻ” በልዎ። እቲ ሰብአይ ክብልዎ ዝደልዩ ቀልጢፉ ተረዲኡ። ነቲ ዘልአ ክእልት ምስቶም ውሑድ ክእለት ዘልኦም ከወዳድር ከምዘይግብአ አለልዩ። ካብኡ ንድሓር ምግሩምራም ሓዲጉ ዝተባህሎ ክገብር ጀሚሩ፥ አብ ኩሉ ስርሑ ሕጉስን ንጥቕሚ ኩሉ ከአ ክሰርሕ ጀሚሩ ይብሃል።

ነፍስወከፍና ብዓቅምና እነበርክቶ አሎና ምስ ካልኦት አወዳዲርና ዘይኮነ በቲ አምላኽ ዝሃበና ንቤተ ክርስትያን ንቤት አምላኽ ንማሕበር ነሕዋትና ክነገልግል ከሎና በረኸት እዩ ዝበዝሕ። ብዙሕ ግዜ አብ አገልግሎት አሕዋት፥ ቤተ ክርስትያን፥ ዝውፈዩ ብዙሓት አይኮኑን ግን ከምኡ ክኸውን አይግባእን። ነቲ ዘገልግል ክነኽብሮ ክነመስግኖ ይግባእ። ክንዲ ዘገልገለን ዝሓገዘን ከነዋርዶ ክንደፍሮ ክንሓምዮ ከሎና አብ ቅድሚ አምላኽ ዘሕትት ነገር ንገብር አሎና ማለት እዩ። ስለዚ ንዘገልግሉ ምኽባር አምላኽ ዝፈትዎ እዩ ከምኡ እቲ ዘገልግል ምእንቲ ክብሪ አምላኽ የገልግል።

ሓድነት አብ መንጎ ክርስትያን መሰረት እዩ ክርስቶስ ደጋጊሙ ምእንቲ ሓድነት ተኸተልቱ ጸልዩ፥ አብ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ከም ምእንቲ ሓድነት ገሩ ዝተጸለየሉ የለን። አብ ሃገራት አብ አብያተ ክርስትያናት አብ ኩሉ ሓድነት ክህሉ እንከሎ በረኸት ሰላም ፍቕሪ አሎ። አርእሰት ሊቃነ ጳጳሳት ኩሎም አብ ዘመና ዘርከብናሎም ደጋጊሞም ምእንቲ ሓድነት ክርስትያን ክንጽሊ ክላበዉ ንሰምዕ። ስለዚ ኩሉ ጊዜ ምእንቲ ውህደት ደቂ ክርስቶስ ክንጽሊ ሓላፍነትና እዩ።

ንሓድነት አብ ቤትና ኢና እንጅምራ። አብ ነነድሕዳ ሓድነት ዘይብላ ስድራ ክትቀውም ከቢድ እዩ ስለዚ አብ ቤትና ዝተመሃርናዮ ዝረአናዮን ኢና ሒዝና እንዓቢ ነዚ ከቢድ ሓላፍነት ወለዲ ብቀዳምነት ውሉዳት ከአ ነኦም ስዒቦም ኩሉ ጊዜ ክሰርሑሉ ዝግባእ እዩ። ስድራቤት እንተ ዘይተሃንጸት ኩሉ ኮንቱ እዩ፥ ዓወት ሰላም አብ ቤት እዩ ዝጅምር። አብ ገዛና ዝተመሃርናዮ ኢና ምስ ሰባት እንራኸበሉ። ወለዲ ንደቆም ብንጹሕ መንፈስ ከዕብይዎም እንከለዉ ዓወት አሎ። ስለዚ ነዚ አብ ሕይወት ስድራና ከመሎ ኢልና ክንሓተሉ እንተ ኸአልና ክንሕደስ ክሕግዘና እዩ።

ናይ ሎሚ ቃል አምላኽ እምብአር ክነስተንትኖ ዝሕግዘና ነቲ አምላኽ ዝሃበና ጸጋ አለሊና ንአገልግሎት አምላኽን አሕዋትን ክነውዕሎ ምእንቲ ሓድነት እመነት ክንጽሊ ከም ዝግብአና ክንዝክር። ነቶም ካባና ብዝኾነ ውሑድ ዓቕምን ውህበትን ዘልኦም ነፍስና አወዳዲርና ካብ አገልግሎት አሕዋት ከይንዝሕል ይነግረና። አብ ሰውነት ሰብ ሓደ ኻብ ሓደ ዝንእስ የለን፥ ከምኡ ከአ አብ ማሕበር ክርስቶስ ንእሽቶይ አይጠቅምን ዝብሃል የለን፥ ኩሉ ከም ዓቕሙ ንዕብየት ቤተ ክርስትያን ንስፍሓት ወንጌልን ክዓዪ ይግባእ። አምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ዝተፈላለየ ህያባት ሂቡና እዩ። አብ ሕይወትና ክንጉዓዞ ዝግብአና ፍሉይ ሕይወት፥ ክንሰርሖ ዝግብአና ፍሉይ ዕዮ፥ ሂቡና አሎ። እምነትና አብቲ አምላኽ ዕለት ዕለት ዝህበና ጸጋ ገርና ሕይወትና ንምራሕ።

አብ ሓደ ልብን መንፈስን ሰሚርና መንፈስ ክርስቶስ ልዕሊ ኹሉ አንቢርና ጸሎት ክንገብር ክንቅደስ እሞ ንወንጌል ብሕይወትና ብርክብና ክንሰብኮ ሎሚ መብጽዓና ንሓድሶ። ነዚ ከኽእለና አምላኽ በዚ እንዕርጎ ዘሎና መዋዕቲ ቅዳሴ ንወሃቢ ኩሉ ጸጋታት አምላኽ ንለምኖ። ነዚ ኸአ የብቅዓና።

ብሩኽ ሰንበት ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ